## ንስኻ እንታይ ዓይነት ሓድሽ ተቐማጣይ ኢኻ?

ዝተፈላለዩ ሓደሽቲ ተቐማጦ አለዉ፣

- ☐ **ናይ ዑቕባ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም፣** ኣነ መንበሪ ፍቓድ ኣለኒ ምስ ሕብረተሰብ ክወሃሃድ እየ። ኣብ መዓስከር ኮለኹ ይጅምር። **ኩሉ ስጉምትታት** ድማ ይወስድ።
- ☐ **ስድራቤት - ወጻእተኛታት፣** ኣብ ሃገረይ ኮለኹ ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ደረጃ A1 ወዲኤ። ኣነ ናብ ሆላንድ ምስ መጻምድተይ ክቕመጥ እየ መጺኤ። ብናይ ዑቕባ ጥርናንፈ አይኮንኩን መጺኤ ወይ ድማ ናይ ዑቕባ መንበሪ ፍቓድ አይኮነን ዘለኒ። ኣነ ካብ **3ይ ስጉምቲ** እየ ዝጅምር።
- ☐ **ብዖድመ ዝመጹ ስደተኛታት፣** ኣነ ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት እየ ዘለኹ። ብቐጥታ ድማ ናብ ዛንስታድ መጺኤ። ኣነ መጀመርያ ናብ መዓስከር ስደተኛታት ምእታው ኣየድልየንን እዩ። ቅድሚ ምምጻአይ ቅድሚ ሓሙሽተ ወርሒ ኮዋ፣ ምምሕዳርን ኣካረይቲ ገዛን ኩሉ ኣገዳሲ ዝኣመሰለ ጉዳያተይ የሳልጣለይ። ኣነ ካብ **3ይ ስጉምቲ** እየ ዝጅምር።
- ☐ **ብጥርናፈ ዝመጹ፣** ኣነ ኣብ ሆላንድ ናይ ዑቕባ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎ ቤተሰበይ እዩ ጠርኒፍኒ። እዚ ድማ በዓል (ቲ) - ቤት፣ ውላድ፣ ወለዲ ወይ ድማ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት ክኾኑ ይኽእሉ። ኣነ ካብ **2ይ ስጉምቲ** ይጅምር።

እቲ ካብ 2013 ስጋብ 2021 ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ዝብል ዝወጸ ሕጊ ንዓይ ይምልከት እዩ።

- ☐ **ኣብ ምንጎ ዘሎ ጉጅለ፣** ኣድላይ ምስ ዝኾውን ሓገዝ ይግበረለይ።
- ☐ **ኤሊፕ Elip ጉጅለ፣** ኣነ ኣብ መወዳእታ ፍርቂ ዓመት ናይ ቛንቛን ባህልን ትምህርተይ እየ ዘለኹ። ለቓሕ ባጀተይ ድማ ክውዳእ ቀሪቡ። መርመራ ናይ ቛንቛን ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድን ቀልጢፈ ንክሓልፍ ድማ ሓገዝ ይግበረለይ።



### እዞም ትካላት እዚኣቶም እንታይ እዮም ዝገብሩ፣

**ማእከላይ ትካል መዖቖቢ ስደተኛታት (ኮዋ)።** መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ስደተኛታት ተቐቢሉ ድሕሪኡ ኣብ ምምሕዳር ቦተኦም ክሕዙ ይሕግዝ። ኮዋ ከም መቀራረቢ ናይቲ ደሓረይ ትወስዶ ትምህርህቲ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ኣብ መዓስከር ኮለኻ ትምህርቲ ይህብ እዩ።

**ዱይዖ (ፈጻሚ ኣካል ትምህርቲ)።** መን ምስ ሕብረተሰ ምውህሃድ ትምህርቲ ክወስድ ከምዘለዎ ይውስን። ብዛዕባ ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ዝምልከት ሃገራዊ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ መርመራታት የዳሉ። ንስድራቤታት ወጻእተኛታት ለቓሕ ይህብ።

**ናይ መንእሰያት መቐበሊ።** ስጋብ 27 ዓመት ዝኾኑ መንእሰያት። ሕቶታት ብዛዕባ ትምህርቲ፣ ስራሕን እቶትን።

**ነዘርላንድ ስልጠና፣** ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ይህብ።



**ማሕበራዊ ጉዳያት ናይ ከባቢ።** ንዝኾነ ሰብ ሕቶ ወይ ጸገማት ዘለዎ ብዛዕባ ኩነታት ናብራ፣ ክንክን፣ ስራሕን እቶትን፣ መንበሪ ቤትን ስድራቤትን።

**ቨርኮም።** ከመይ ጌርካ ንዓኻ ዝኾውን ስራሕ ከምትረክብ ይምህሩኻ።

**ኒውበይስ።** ኣብዚ መስርሕ ውዕል ተሳትፎ (PVT) ትመሃር። ከምኡውን ኒውበይስ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ንክትረክብ ይሕግዝካ።

### መን እዮም እዞም ዝስዖቡ፣።

**ጉዳይ ዝከታተል ኮዋ።** ኣብ ኮዋ ተሓጋጋዚይ እዩ።

**ተሓሓጋጋዚይ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ።** ናይ ምምሕዳር ዛንስታድ ኮይኑ ናትካ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ተሓጋጋዚይ እዩ።

**ናይ ምምሕዳር ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ጋንታ።** እቶም ተሓጋገዝቲ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ኣብዚ እዮም ዝሰርሑ። ኣብቲ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ትገብሮ ንጥፈታት (ቛንቛን፣ ትምህርቲ፣ ስራሕ) ዝምልከት ጉዳያት ይሕጉዝኻ ከምኡውን ምሳኻ ውዖላት ይገብሩ።

**ተርጓማይ።** ካብ ነዘርላንድስ ናብ ቛንቛኻ ከምኡውን ብግምጣሉ ንምቱርጓም ይሕግዝ።

**ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት፣** እዞም ሰባት ብዛዕባ ኣድላይ ዝኾኑ ነገራትን ካልኦትን ንከተሳልጥ ይሕግዙኻ። ንኣብነት ምኽፋል ገዛ - ክራይ፥ ካልእ ናይ ገንዘብ ጉዳያትን መድሕንን፥ ከምኡውን ንውላድካ ቤት - ትምህርቲ ንምርካብ። ንሶም እዚ ጉዳያት ኣብ ሆላንድ ብኸመይ ከም ተሳልጦ የርእዩኻ።



### እንታይ ማለት እዩ።

**ሰፊሕ ቃለ መሕትት፣** ምስ ናይ ምውህሃድ ሕብረተሰብ ተሓጋጋዚኻ ብዛዕባ ናይ ውልቂ ኩነታት ናብራኻ ዝርርባት ተካይድ። ኣብኡ ውን መርመራ ኣሎ። በዚ ድማ ናይ ቛንቛን ናይ ምምሃር ክእለትካ ይምዘን።

**ዲኺደይ።** ዲጂታል ፓስፖርት ናይ መንግስቲ እዩ። እዚ መንነትካ ንምርግጋጽን ከምኡውን መእተዊ ኮድ ይወሃበካ ሞ ብኡኡ ጌርካ ነገራት ከተሳልጥ ትኽእል።

**ናይ ምምሃር ዓቕምኻ ንምፍላጥ ዝግበር መርመራ።** እቲ መርመራ ክፋልይ ናይቲ ዓቢ ቃለ - መሕትት እዩ። እዚ መርመራ ድማ ናይ ትምህርቲ ዓቕምኻ ይውስን።


**ናይ ምምሃር መንገድታት።** ምስ ዓቕምኻ ዝኸይድ ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ይወሃበካ። ሰለስተ ናይ ትምህርቲ መንገድታት ኣለዉ።

- **B1 መንገዲ።** ብደረጃ (B1) ቛንቛ ተማሂርካ ከምኡውን (ናይ ወለንተኛ) ስራሕ ንምጅማር መበገሲ ይኾነካ።
- **ኣብዚ ሃገር ዘሎ ልሙድ ትምህርቲ።** ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናይ ሆላንድ ናይ ትምህርቲ ዲፕሎማ ተምጽእ። እዚ ብፍላይ ንመንእሰያት እዩ።
- **ነብስኻ ንምኽኣል ዝውሰድ መንገዲ።** ኣብዚ ሕብረተሰብ ነብስኻ ክትክእል ትመሃር። መብዛሕቱ ግዜ ኣብ ትሕት ዝበለ ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ኢኻ ትጅምር።

**ናይ ተሳትፎ ውዖል (PVT)።** እዚ ካብቲ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ትገብሮ ትምህርቲ ናይ ግድን ዝኾነ ክፋል እዩ። ኣብዚ ድማ ኣገዳሲ ክብርታት ናይ ሆላንድ ከም ናጽነት፣ ማዖርነት፣ ሓድነትን ተሳትፎን ትምሃር።

**ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድን ተሳትፎን ናይ ውልቂ መደብ (PIP)።** ን (PIP) ዘድሊ ሓበሬታ ኣብቲ ሰፊሕ ቃለ - መሕትት ይእከብ።

**ኒውበይስ።** ኣብዚ መስርሕ ውዕል ተሳትፎ (PVT) ትመሃር። ከምኡውን ኒውበይስ ናይ ወለንተኛ ስራሕ ንክትረክብ ይሕግዝካ።






# መንገዲ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ

www.nieuwkomers.zaanstad.nl

ZNSTD

# ናተይ መንግዲ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ

መጀመርያ




## 1ይ ስጉምቲ፥ ኣነ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት የ ዝቕመጥ ዘለኹ።

- ኣነ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት የ ዝቕመጥ ዘለኹ።
- ኣብዚ መግብን ቤትን ተዋሂብኒ።
- ናይ ኮዋ ተሓጋጋዛይ ኣለኒ። ናተይ ዲኺደይ ይሓትት።
- ናይ ባንክ ሕሳብ ተዋሂብኒ።
- ኣብቲ ብኮዋ ዝወሃብ ቅድሚ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ዝወሃብ መደብ ይሳተፍ።
- ብመጠኑ ቛንቛ ነዘርላንድስ ይመሃር።
- ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሆላንድ ኣፍልጦ ይቐስም።
- ኣብ ዛንስታድ ኣበይ ቦታ ከምዝቕመጥ ይሕበረኒ።
- ምስቲ ናተይ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ተሓጋጋዚይ ናይ ምምሕዳር ዛንስታድ ይላለ።

ዛንስታድ



## 2ይ ስጉምቲ፥ ኣብ ዛንስታድ ይመጽእ።

- ዛንስታድ ን 6 ውርሒ ክራይ ገዛይ፥ ይኸፍለለይ።
- እዚ ድማ ካብቲ ንመንበሪ ዝወሃበኒ ገንዘብ ይጎድል።
- እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብ ናይ ባንክ ሕሳበይ ይኣቱ።
- ነቲ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ናይ ዖድመ ወረቐት ይመጻኒ።
- ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ተበዝሐ ን18 ኣዋርሕ) ብዛዕባ ኣብ ናብራ ዘድሊ ሓገዛት ይሕግዙኒ። ንኣብነት ክራይ ገዛ፥ ንመንበሪ ዝወሃብ ገንዘብ፥ናይ ስኒ ሓኪም፥ ናይ ገዛ ሓኪም ከምኡውን ኣተሓሕዛ ገንዘብ።



## 3ይ ስጉምቲ፥ እቲ ሰፊሕ ቃለመሕትት የካይድ።

- ነቲ ሰፊሕ ቃለመሕትት መጸዋዖታ ይመጻኒ።
- እዚ ድማ ምስ ተሓጋጋዚ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ዝግበር ዝርርብ እዩ።
- መርመራ ምስገበርኩ ናተይ ናይ ትምህርትን ቛንቛ ደረጃን ይፈልጥ።
- ድሕሪኡ ድማ ኣየናይ ናይ ትምህርቲ መንገዲ ከም ዝስዖብ ይፈልጥ።
- ምስቲ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ተሓጋጋዝየይ ብዛዕባ እዞም ዝስዖቡ ነገራት ይዛረብ፥ ተሳታፍነት ኣብ ስራሕ፥ ኣየናይ መንገዲ ትምህርቲ ከም ዝገብር፥ ሕቶታት ብዛዕባ ናይ ውልቂ ኩነታተይ፥ ጥዖናን ስድራቤትን፥ ፖስጣ ከምኡውን ምሕደራን ኣተሓሕዛ ገንዘብን።





## 4ይ ስጉምቲ፥ ኣነ ናይ ውልቀይ ውጥን ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድን ተሳትፎን ይሰርሕ። (ው.ም.ሕ.ም.ተ.) (PIP)።

- ኣነ (ው.ም.ሕ.ም.ተ.) (PIP) ሰሪሐ።
- ምስ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ተሓጋጋዚየይ ኮይነ።
- ኣብኡ ድማ ኣነ ኣየናይ ናይ ቛንቛ መንገዲ ከምዝኽተልን ከምኡውን ነዘርላንድስ ኣበየናያ ደረጃ ከምዝመሃር ተጻሒፋ አሎ።
- ኣብኡ ኣነ ኣየኖት ንጥፈታትን ኮርሳትን ከምዝካይድ ተጻሒፋ አሎ።
- ብዛዕባዚ ገለ ብዙሓት ዝርርባት የድሊ እዩ።
- እዚ ውጥን ድማ ኣብ ዛንስታድ ምስ መጻእኩ ኣብ ውሽጢ 10 ሰሙን ይዳሎ።
- እዚ ውጥን ኣብቲ ስርዓት ናይ ምምሕዳር ይኣቱ።

ኣብቲ ናተይ (ው.ም.ሕ.ም.ተ.) (PIP) ተጻሒፉ ዘሎ ውዖላት ክትግብሮ አለኒ።

ኣብ ዘለኒ ቆጸራ እንተዳኣዘይተረኺበ መቕጻዖቲ ይወሃበኒ። እዚ ድማ ገንዘብ ይሓትት።



## 5ይ ስጉምቲ፥ ናይ ቛንቛ ትምህርትን ከምኡውን እዚ ሕብረተሰብ ብኸመይ ከምዝኸይድ ይመሃር።

- ቁሩብ ነዘርላንድስ ይዛረብ እንተኾይነ ስራሕ (ብዘይደሞዝ) ይሰርሕ።
- በቲ ናተይ ደረጃ ይመሃር።
- ኣድላይ እንተኾይኑ ናይ ገንዘብ ጉዳያተይ ንምስላጥ ንክኽእል ኢሮ ቫይዘር ዝበሃል ኮርስ ይወስድ።
- ናይ ተሳትፎ ውዖል ይውድእ።
- እዚ ድማ ዙረትን ኣኼባታትን የጠቓልል።

።ኒለአ ኦልማከ ኡሉሙብ ማድ ዚእ

።ኒለኣ ዝሕክ ይማሎፕዲ ማድ ትመዓ 3 ጢሽው ብኣ



## 6ይ ስጉምቲ፥ ኣነ ምስ ሕብረተሰብ ይወሃሃድ ከምኡውን ማሕበራዊ ሓገዝ ይረክብ።

- ምስ ናይ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ተሓጋጋዚየል ቀጻሊ ይራኸብ።
- ናይ ትምህርቲ መንገዲ ይከታተል ከምኡውን ናብ ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ይኸይድ።
- ካብቲ ናይ ቛንቛ ትምህርቲ ዝተመደበለይ ናይ ቛንቛ ተሓጋጋዛይ አለኒ።
- ምስ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት ይራኸብ።
- ምስ ከባቢየይ ድማ ይላለ።

እዚ ኩሉ ድማ ይገብር።



## 7ይ ስጉምቲ: ኣነ (ድሕሪ እንተነውሐ 3 ዓመት) ኩሉ ባዖለይ ከሳልጦ ይኽእል የ።

- ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ዲፕሎማ አለኒ።
- ኣተሓሕዛ ገንዘብ ይኽእል እየ ከምኡውን ኣብዚ ሃገር ከመይ ከምትኸይድ ይፈልጥ።
- ናይ ወረቓቕቲ ምሕደራ ባዖለይ የካይዶ።
- ኣበይ ክይድ ሓገዝ ከምዝሓትት ይፈልጥ።
- ብዛዕባ ትምህርቲ፥ ስራሕ፥ ምሕደራ፥ ስድራቤት፥ ጥዖና። ካብቲ ናይ ምስ ሕብረተሰብ ምውህሃድ ተሓጋጋዚየይ ድማ ይፋኖ።

መወዳእታ